# ናይ መጠንቀቕታ ምልክታት

## ወሲባዊ ምዝመዛ ቆልዓ/መንእሰይ

ወሲባዊ (sexual ) ምዝመዛ ወይ ንወሲባዊ ምዝመዛ ዘይሕጋዊ ምስግጋር ቆልዓ ወይ መንእሰይ ንምልላይ ኣጸጋሚ ነገር ኪኸውን ይኽእል ኢዩ። መብዛሕትኡ ግዜ ሓንቲ መንእሰይ ኣብ ናይ ተመዝማዝነት ኩነታት ክትህሉ ከም ትኽእል ብዙሕ ምልክታት ኣሎ፣ እንተኹነ ግን ኣብ ታሕቲ ተመልኪቱ ከምዘሎ ዘሎ ንሕና ንመንእሰያት ኣብ ዓውደ መጽናዕትታትና (workshops) እነካፍለን ሓሙሽተ ቀንዲ ናይ መጠንቀቕታ ምልክታት ኣለዉ። ኩሉ ግዜ ንኹሎም 5 ናይ መጠንቀቕታ ምልክታት ከይትፈልጥዮም ትኽእሊ ኢኺ፣ ሓደ-ሓደ ግዜ 1 ወይ 2 ምልክታት እኹል ኢዩ።

- **ናይ ዕድመ ፍልልይ**
  ኣሰጋገርትን (Traffickers) መዝመዝትን መብዛሕትኡ ግዜ ብሰንኪ ተቓላዕነተን (vulnerability) ንመንእሰያት ግዳያት ዒላማ ክገብሩ ኢዮም። ሓደ-ሓደ ግዜ ዝምድና ንምህናጽ ከም “ኣፍቃሪ/ኣፍቃሪት” ኰይኖም ኪዋስኡ ኢዮም። ሓንቲ ቆልዓ ምስ ካብኣ ኣዝዩ ዝዓበየ ሰብ፣ ኣብ መስመር ይኹን ካብ መስመር ወጻኢ (on or offline) ግዜ ተሕልፍ እንተኰይና፣ ናይ መጠንቀቕታ ምልክት ኪኸውን ይኽእል።

- **ኣካላዊ & ስምዒታዊ ተነጽሎ**
  መዝመዝቲ፣ ኣሰጋገርቲ፣ ወይ መልመልቲ (recruiters) ንሓንቲ መንእሰይ ካብ ጥዑይ ዝምድናታት ምስ መሓዙታ፣ ቤተሰባ፣ ካልኦት እሙናት ዓበይትን ከዳንይዋ/ኪንጽሉዋ ወይ ከርሕቑዋ ይፍትኑ።

- **ህያባት**
  መዝመዝቲ ኣብ መጀመርታ ንህያባት ምትእምማን ንምፍጣር ይጥቀሙሉ፣ ድሕሪኡ ድማ ከም ኪኽፈል ዘለዎ ዕዳ። እዚኣቶም መንእሰያት መብዛሕትኡ ግዜ ኪገዝእዎም ዘይክእሉ ካብ መጠን ንላዕሊ ዝኾኑን ዘይተገልጹን ንዋታዊ ነገራት (ንኣብነት፣ ኤሌክትሮኒካዊ መሳርሒታት፣ ክዳውንቲ፣ ስልማት፣ ኣልኮላዊ መስተ፣ ድራግ (drugs)፣ ወዘተ)፣ ወይ ማንዛ (virtual) ህያባት (ከም ናይ ኦንላይን/ኢንተርነት ህያብ ካርድታት፣ ንጸወታታት ዚኸውን ናይ cheat/admin ኮድ ኪኹኑ ይኽእሉ።

- **ለውጢ ኣነባብራ**
  ኣብ ባህሪ ርኡይ ለውጥታት፣ እንተላይ ትምህርቲ ምብኳር፣ ደንጉኻ ምድቃስ/ ምውጻእ፣ ብዙሕ ግዜ ናይ ድኻም ስምዒት፣ ዝያዳ ድግስ ምግባር፣ ምስ ሓደስቲ/ዓበይቲ ኣዕሩኽ ምውዓል፣ ቀይሕ ባንዴራ (መጠንቀቕታ ንሓደጋ) ኪኸውን ይኽእል ኢዩ።

- **ባህረታዊ ስምዒት (Gut Feeling)**
  ኣቓልቦ ሃብዮን ንገምሪኺ/ንተፈጥሮኣዊ ግንዛቤኺ (intuition) እመኒን።

ህላወ ናይ'ዞም ናይ መጠንቀቕታ ምልክታት ናይ ግድን ሓንቲ ቆልዓ ትምዝመዝ ኣላ ማለት ኣይኰነን። ይኹን እምበር፣ እቶም ናይ መጠንቀቕታ ምልክታት ኪልለዩን፣ ኪጥቀሱን፣ ኪዝተዩን ይግባእ።
**እዚ ዕላል ንክህልወኩም ሓገዝ ምስ እትደልዩ፣ በጃኹም ንጋንታና ብ info@childrenofthestreet.com ርኸቡዋ ወይ ድማ ናብ 604 777 7510 ደውሉ።**

plea | Children of the Street